

UK Health
Security
Agency

# ንክታበት ኮቪድ-19 ዝምልከት መምርሒ ንነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ወይ ዘጥብዋ ኣዴታት ዝምልከት

**ክታበት ኮቪድ-19 በቶም ናይ ሮያል ኮሌጅ ክኢላታት ሕርሲ፡ ሓካይም ማህጸን፡ ከምኡውን መሕርስቲ፡ ነፍሰጾራት ከምኡውን ዘጥብዋ ደቀንስትዮን ነዚ ክታበት እዚ ክወስዳ ብዕቱብ ይላበዉ። እቶም ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ (UK) ተዳልዩም ዝርከብ ናይ ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19) ክታበታት ንዓኽንን ንሕጻውንትኽንን ካብ ሕማም ንምክልኻል ውሑሳትን ኣዝዮም ኣድማዕትን እዮም።**

## ኣብ ግዜ ጥንሲ ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ዝወሃብ ምኽሪ

እቲ ናይ ክታበትን ተጸዋርነትን ሓባራዊ ኮሚቴ (JCVI) ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ንሓደጋ ሕማም ኮቪድ-19 ዝያዳ ዝተጋለጸ ምኳነን እዩ ዝመክር። እቲ ኣብ ወቕቲ ቀውዒ ዝወሃብ ኣባራታዊ ክታበት ነቶም ኣብ ልዑል ሓደጋ መልከፍቲ ሕማም ኾቪድ-19 ዝርከቡ ሰባት፡ ንቑሩብ ወርሓት ኣባራታዊ ክታበት ዘይተዋህባ እዩ ዝወሃብ። እዚ ድማ ነተን ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ዘጠቓልል እዩ። ኣብ ግዜ ሓጋይ ቁጽሪ ግዳያት መልከፍቲ ኮቪድ-19 ኣብ ዝውሰኽሉ እዋን፡ እዚ ኣባራታዊ ክታበት፡ ብሕማም ኮቪድ-19 ተታሒዝኩም ኣብ ሆስፒታል ናይ ምእታው ዕድልኩም ይንክዩ። እዚ ኣባራታዊ ክታበት ብተወሳኺ ካብቶም ቅልል ዝበሉ ናይ ኦሚክሮን መልከፍቲእውን ይንኪ እዩ፡ እንተኾነግን እዚ ዓይነት ኣገባብ ምክልኻል ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ኣይኮነን።

እዚ ክታበት ንዓኽንን ንውላድክንን ክከላኸለልክን ተባሂሉ እዩ ዝወሃብ። ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ልዕሊ 250,000 ዝኣኽላ ደቂ ኣንስትዮ ቅድሚ ምሕራሰን ክታበት ወሲደን ኣለዋ፡ እዚ ድማ ብፍላይ ብኽታበታት Pfizer ከምኡውን Moderna እዩ።

እዞም ክታበታት እዚኦም ኣብ ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮን ውላደንን ጽቡቕ ብቕዓት ውሕስነት ዘለዎም ምኳኖም ይፍለጥ። ክታበታት ኮቪድ-19 ብሂወታውያን ኮሮናቫይረስ ዝተሰርሑ ኣይኮኑን ከምኡውን ኣብ ነፍስን ኮነ ዘይተወልደ ዕሸለን መልከፍቲ ኣየሰዕቡን እዮም።

መረዳእታ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ብዓለማዊ ውድብ ጥዕና ከምኡውን በቶም ተቓጻጸርቲ ኣካላት ናይ ዓባይ ብሪጣንያ (UK)፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (US)፡ ካናዳ፡ ከምኡውን ኤውሮጳ ብቐጻሊ ዳግመ ግምገማ ዝግበረሎም እዮም።

ክታበት ኮቪድ-19 ምኽታብ ንደቀንስትዮ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ካብ ሕማም ኾቪድ-19 ንነፍሰንን ሕጻውንተንን ብኣዝዩ ኣድማዕን ዉሑሰን ኣገባብ ክከለኸለለን ዝኽእል እዩ። እተን ክታበት ከይወሰዳ ጥንሲ ዝሓዛ ደቂ ኣንስትዮ ነዚ ክታበት እዚ መጺኤን ክወሰዳ ብጥብቂ ነተባብዕ።

**እተን ኣቐዲመን ክታበት ዝወሰዳ ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብዚ ወቕቲ ቀውዒ እዚ ኣባራታዊ ክታበት ክወሰዳ የድልየን።**

ተወሳኺ ሓበሬታ ድማ ኣብዚ ዝሰዕብ ጥንሲ፡ ዕንጋለ ጸባ ጡብ፡ ከምኡውን ክታበት ኮቪድ-19 ዝብል ክርከብ ይከኣል።

## ነፍሰጾራት ኣብ እትኾናሉ እዋን ክታበት ክወሃበክን ዘድልየሉ ምኽንያት

ኣብቲ ዳሕረዋይ ወርሓት ናይ ጥንሰኽን ብሕማም ኮቪድ-19 ምስ እትልከፉ፡ ንዓኽንን ንዕሸልክንን ክሳብ ኣብ ሆስፒታል ኣቲኽን ሕክምናዊ ክንክን ከምኡውን ጽዑቕ ናይ ሕክምና ሓገዝ ዘድልዮ ከቢድ ናይ ሕማም ሓደጋ ከጋጥመክን ይኽእል እዩ።

ሓፈሻዊ እቲ ከጋጥመክን ዝኽእል ሓደጋ ሕማም ኮቪድ-19 ንዓኽንን ንዕሸልክንን ቅልል ዝበለ ኸኸውን ይኽእል እዩ እንተኾነግን ዝተፈላለዩ ተደጋገምቲ ማዕበላት ናይ ኮቪድ-19 ደጋጊሙ ከጋጥመክን ይኽእል እዩ። እቲ ዕድል ናይ ተደጋጋሚ መልከፍቲ እውን ቀልጢፉ ክቀያየር ይኽእል እዩ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ ድማ ክውሰኽ ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ።

ክታበታት ኮቪድ-19 ካብ ሕማም ልዑል ናይ ምክልኻል ብቕዓት ኣለዎም እንተኾነግን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናይ ምክልኻል ብቕዓቱ እናተሓተ እዩ ዝኸይድ። ዋላእኳ ኣቐዲምክን ክታበት ኮቪድ-19 ተኸቲብክን ወይ ሓሚምክን እንተነበርክን፡ እዚ ናይ ወቕቲ ቀውዒ ኣባራታዊ ክታበት ክሳዕ እቶም ናይ ዝቕጽል ሓጋይ ወርሓት ሕማም ዝብርትዓሉ እዋን ካብ ሕማም ክከላኸለልክን ይኽእል እዩ።

ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብታ ልዕሊ 250,000 ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ቅድሚ ሕርሰን ክታበት ዝወሰዳላ፡ ከምኡውን ኣብ ብዙሓት ካልኦት ሃገራት ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኣውስትራልያን ዘጠቓልላ ሃገራት ብዛዕባ ዉሑስነት ክታበት ኮቪድ-19 ዝገልጽ መረጋገጺ ሓበሬታ ተረኺቡ ኣሎ።

### ኣባራታዊ ክታበት ናይ ወቕቲ ቀውዒ ዝወሃበሉ ግዜ

ካብ ወርሒ መስከረም ክሳብ ታሕሳስ ኣብዘሎ ግዜ፡ ምስቶም ኣብ ልዑል ሓደጋ ሕማም ዘለዉ ሰባት ቀዳምነት ብምሃብ ቆጸራ ክተሓዘልክን እዩ።

**እቲ ኣባራታዊ ክታበት እንተደንጎየ ድሕሪ ሰለስተ ኣዋራሕ ካብቲ ናይ መወዳእታ መጠን ክታበት ዝወሰድኩሙሉ ግዜ ክወሃብ ኣለዋ**

ምስኡ ብሓባር ውን ናይ ጉንፋዕ ክታበትኩም ክትዋሰዱ ትኽእሉ ኢኹም። ንዓኽንን ንዕሸልክንን ኣብ ግዜ ጥንሲ ካብ ሕማም ምክልኻል ኣገዳሲ እዩ። ካሳዕ እትሓርሳ ክታበት ከይወሰድክን ኣይትጽንሓ።



### ኣብ ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ዘጋጥሙ ናይ ሓደጋ ሕማም ረቛሒታት

ካብዞም ዝሰዕቡ ውሽጣዊ ጸገማት ሕማም ምስ ዝህልወኩም፡-

- ናይ ሕማም ተጻዋርነት ጸገማት
- ኣዝማ
- ልዑል መጠን ጸቕጢ ደም
- ሕማም ልቢ
- ሕማም ሽኮርያ



**ወይድማ ካብዞም ዝሰዕቡ ጸገማት ምስ ዝህልዉኹም፡-**

- ልዑል ክብደት ኣካላት
- ልዕሊ 35 ዓመት ዕድመ ምስ እትኾኑ
- ኣብ ሳልሳይ ሲሶ ናይ ግዜ ጥንሰኽን ምስ እትህልዋ (ልዕሊ 28 ሰሙናት)
- ናይ ጸሊም ወይ ናይ ኤስያዊ ውሑድ ዓሌት መበቆል ዘለኩም ምስ እትኾኑ
- ከይተኸተብኩም ዝተረፍኩም ወይ ከፊላዊ ክታበት ዝተዋህበኩም ምስ እትኾኑ

**ንሰኽን ካብተን ነፍሰጾራት ዘይኮና ብዕድመ መዛኑኽን ደቂ ኣንስትዮ ብዝያዳ ኣብ ልዑል ሓደጋ ናይ ሕማም ኮቪድ-19 ኢኽን ዘለኽን።** እተን ውሽጣዊ ሕማማት ዘለክን ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ሰቓይ ናይ ሕማም ኮቪድ-19 ኢኽን ዘለኽን።

## ነፍሰጾር ምስ እትኾና

እቲ ሓደጋ ሕማም ኾቪድ-19 ንነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ዕሸላተንን ክትልከፋን ከምኡውን ዝተፈላለዩ ዓሌታት ቫይረስ ኮቪድ-19 እናተላዋወጡ ተመላሊሶም ክሕዙኽንን ክሳዕ ክንደይ ቀሊል እዩ። ኣየናይ ሓድሽ ዓሌት ቫይረስ ከምዝርእ ክንግምት ኣይንኽእልን፡ ሰለዚ እንተድኣ ነፍሰጾር ኴንክን ብግቡእ ክከላኸለልክን ከምዝኽእል ግን ከነረጋግጸልክን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ግዜ ጥንሲ ክታበት ምኽታብ ነቶም ሕጻናት ኣብተን ቀዳሞት 6 ኣዋርሕ ዕድሚኦም ኣብ ሆስፒታል ኣትዮም ካብ ምሕካም ንምክልኻል ክሕግዞም ከምዝኽእል መረጋገጺ ተረኺቡሉ ኣሎ። እዚ ድማ እቲ ናይ ኣደ ተጻዋርነት ብማህጸን ኣቢሉ ናብቲ ሕጻን ስለዝመሓላለፍ፡ ከምኡውን እቲ ሕጻን ምስ ተወልደ ንሓጺር ግዜ ነቲ ሕጻን ይከላኸለሉ።

ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ መደብ ክታበት ኮቪድ-19 ምስቶም ውሽጣዊ ጸገም ጥዕና ዘለዎም ጉጅለታት እየን ዝምደባ። እተን ክታበት ከይወሰዳ ዝጠነሳ ደቂ ኣንስትዮ ነተን ናይ መጀመርታ ክልተ ቀዳሞት መጠን ክታበታት ክወሰዳ ብጥብቂ ይተባብዓ። ነተን ኣቐዲመን ተኸቲበን ዝጸንሓ ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ኣብዚ ወቕቲ ቀውዒ እዚ ኣባራታዊ ክታበት ክወሰዳ የድልየን።

## ጥንሲ ምሓዝ

ድሕሪ ክታበት ኮቪድ-19 ምውሳድ ጥንሲ ካብ ምሓዝ ዝኽልክለክን ነገር የለን። ዝተፈላለዩ ሳይንሳዊ መጽናዕትታት ከምዝሕብርዎ ክታበታት ኮቪድ-19 ኣብ ፍርያምነት ናይ ወዲ ተባዕታይ ይኹን ጓል ኣንስተይቲ ጥንሲ ናይ ምሓዝ ዕድልክን ከምኡውን ሓደጋ ምንጻል ጥንሲ ዝኾነ ሳዕቤን ከምዘየኸትሉ የረጋግጹ። ኣስታት 100,000 ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ቅድሚ ጥንሲ ምሓዘን ክታበት ኮቪድ-19 ወሲደን ከምኡውን ብጉቡእ ቆልዑተን ወሊደን።

## ዕንጋለ ጸባ ጡብ ኣደ

ረብሓታት ዕንጋለ ጸባ ጡብ ኣደ ኣዝዩ ፍሉጥ እዩ።

እዚ ናይ ክታበትን ተጸዋርነትን ሓባራዊ ኮሚቴ (JCVI) ዝተባህለ ትካል ዋላእውን እናኣጥቦኽን ክታበታት ክትወስዳ ይመክር። እዚ ምስ ለበዋታት ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ዓለማዊ ውድብ ጥዕናን ተዋሃሂዱ ዝኸይድ እዩ። እተን ዝተኸትባ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ክከላኸለለን ዝኽእል ጸረ ነፍሳት (antibodies) የፍርያ። ብተወሳኺ እዞም ጸረ ነፍሳት እዚኦም ኣብ ጸባ ጡብ ኣደ ዝርከቡ ኮይኖም ነቶም ዝጠብዉ ሕጻናት ድማ ካብ ሕማም ይከላኸልሎም እዩ። እቲ ክታበት ንገዛእ ርእሱ ኣብ ጸባ ጡብ ኣደ ኣይኣቱን እዩ።

## ኣየናይ ዓይነት ክታበት እዩ ዝወሃበክን፧

ካብ ትካል ክታበት Pfizer ወይድማ Moderna ዝተሰርሐ ዓይነት ክታበት ክወሃበክን እዩ። ናይዞም ኣባራታዕቲ ክታበታት እዚኦም ተማሓይሹን ተዋሃሂዱን ዝተዳለወ ሓድሽ ክታበት ክወሃበክን ይኽእል እዩ – ኣዞም ሕውሰዋስ ክታበታት እዚኦም ፍርቂ መጠን ክታበት ካብቲ ቀዳማይ ክታበት ምስቲ ፍርቂ መጠን ናይ ኦሚክሮን ዓሌት መጠን ክታበት ተሓዋዊሱ ዝተዳለወ እዩ። ንኣዝዮም ዉሑዳት ሰባት ናይ ካልእ ዓይነት ፍርያት ክታበት ብሓኪሞም ተመኺሮም ክወሰዱ ይኽእሉ እዮም።

ዋላእኳ እቶም ተሓዋዊሶም ዝተዳለዉ ክታበታት ቀሩብ ዝለዓለ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ዘለዎም እንተኾኑ፡ ክልቲኦም እቲ ቀዳማይን ከምኡውን እቲ ሕውሰዋስ ክታበታትን ብሉጽ ናይ መብራትዊ ብቕዓት ይህቡ እዮም።

ኣብዚ ወቕቲ ሓጋይ እዚ ኣየናይ ዓሌት ቫይረስ ናይ ኮቪድ-19 ከምዝዝርጋሕ እኳ ክንግምት እንተዘይከኣልና፡ እቲ ሓባራዊ ናይ ክታበትን ተጸዋርነትን ኮሚቴ (JCVI) ክልተ ዓይነት ክታበታት ኣብ ኣካለ መጠን ዕድመ ዝበጽሑ ሰባት ክንጥቀመሎም ከምዝከኣል ወሲኖም ኣለዉ፡ ከምኡውን ዝኾነ ይኹን ሰብ ነዞም ተሓዋዊሶም ዝተዳለዉ ክታበታት ንምውሳድ ክዳናጐ ከምዘይብሉ ይመኽሩ። ስለዚ እቲ ግቡእ ክታበት ኣብ ግቡእ ግዜኡ ክወሃበኩም ኣዩ።

ብኽብረትኩም ብዝተኻእለኩም መጠን ነቲ ዝወሃበኩም ክታበት ተኸተብዎ – ቅድሚ ወቕቲ ሓጋይ ምእታዉ ነቲ ኣባራታዊ ክታበት ወሲድኩም ካብ ከቢድ ሕማም ናይ ምክልኻል ብቕዓትኩም ከተዕብዩ ኣገዳሲ እዩ።

## ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝወሃቡ ካልኦት ክታበታት

እቶም ንዓኽንን ንቆልዓኽንን ካብ ሕማም ጉንፋዕ ክከላኸሉልክን ዝኽእሉ ከምኡውን ንቆልዓኽን ኣብ ግዜ ምውላድ ሕማም ሰዓል (ትኽትኽታ) ከይሳገሮም፡ ኣብ ግዜ ጥንሲ ክትክተባ ትምከራ። እዞም እተፈላለዩ ክታበታት እዚኦም ብዉሑስ ኣገባብ ብሓደ ግዜ ተሓዊሶም ወይ ፈላሊኻ ክወሃቡ ዝኽእሉ ኮይኖም፡ ከምኡውን ኩሉግዜ ጽቡቕ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ክህቡ ይኽእሉ።

ናይ ጉንፋዕን ኮቪድ-19 ክታበትን ኣብ ሓደ እዋን ናይታ ዓመት ኣብ ዝኾነ ናይ ደረጃ ጥንሲ  ክወሃብኹን ይኽእሉ እዮም።

ዕሸላትክን ክውለዱ ከለው እኹል ናይ ምክልኻል ብቕዓት ከምዝረኽቡ ንምርግጋጽ ድሕሪ ምጥናስ 16 ሰሙናት ምስ ገበርክን ናይ ትኽትኽታ ክታበት ክትወሰዳ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ክታበት እዚ ዝበዝሕ ግዜ ናይ ጥንሲ ስእሊ ኣብ እትወሰዳሉ ግዜ ካብ 18 ክሳብ 20 ሰሙናት ናይ ጥንስኽእን እዋን ዝወሃብ ኮይኑ፡ ከምኡውን እዚ ክታበት እዚ ኣብቲ ዝጠነስክናሉ እዋን ብምምርኳስ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ቆጸራ ግዜ ክትወሰድኦ ትኽእላ።

## ዋላ ድሕሪ ክታበት ምውሳድክን ብሕማም ኮቪድ-19 ክትትሓዝ ትኽእላዶ ኢኽን፧

እዚ ናይ ኮቪድ-19 ኣባራታዊ ክታበት ኣብዚ ወቕቲ ሓጋይ ነቲ ብኸቢድ ሕማም ኮቪድ-19 ናይ ምትሓዝ ዕድል ክንክዮ ይኽእል እዩ። ኣካላትክን ካብዚ ኣባራታዊ ክታበት ተወሳኺ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ንኸጥሪ ዉሑድ መዓልታት ከድልዮ ይኽእል እዩ።

ከም ኩሎም መድሃኒታት፡ ዝኾነ ክታበት ሙሉእ ብሙሉእ ኣድማዒ ኣይኮነን – ገለ ሰባት ዋላእውን ተኸቲቦም እናሃለዉ ሕማም ኾቪድ-19 ክሕዞም ይኽእል እዩ፡ እንተኾነግን ዝኾነ መልከፍቲ ቅልል ዝበለ ክኸውን ይኽእል።

ልክዕ ከምቲ እትኽተብዎ ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም ንዝርግሐ ሕማም ኮቪድ-19 ከምኡውን ካልኦት ናይ ሰርዓት ምስትንፋስ ሕማማት ንምንካይን ነቶም ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ሕማም ዝርከቡ ሰባት ንምክልኻልን ክትገብርዎም ዝግበኣኩም ቀለልቲ ነገራት ኣለዉ። ንዝያዳ ሓበሬታንምኽሪ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ተወከሱ።



## ጎድናዊ ሳዕቤናት

ከም ኩሎም መድሃኒታት፡ ክታበታት ልሙዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት ከኸትሉ ይኽእሉ እዮም። ጎድናዊ ሳዕቤናት ናይ ክታበታት ኮቪድ-19 ኣብ ነፍሰጾራትን ነፍሰጾራት ዘይኮና ደቂ ኣንስትዮን ተመሳሰልቲ እዮም። ኣብ ነፍሰጾራት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ልዕሊ ጥንሰን ይኹን ዕሸላተን ዝተነጸረ ፍሉይ ሓደጋ የለን። ክታበት ምስ ወሰድክን፡ ብፍላይ ድማ  ቆልዓ ምስ ዝነብረክን ወይ እትኣልይኦም ካልኦት ቆልዑ ምስ ዝህልውኽን ካብቲ ክታበት እንታይ ክትጽበያ ከምዘለክን  ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ብኽብረትኩም **ክታበት ኮቪድ-19፦ ድሕሪ ምኽታብኩም እንታይ ክትጽበዩ ከምዘለኩም ኣብ ዝብል ኣንቡ**

### ልሙዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት

ከምቲ ናይ ዝሓለፈ ግዜ መጠን ክታበትኩም፡ እቶም ልሙዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት ናይ ኩሎም ክታበታት ኮቪድ-19፡ ነቶም ተሓዋዊሶም ኣብ ግዜ ወቕቲ ቀውዒ ዝወሃቡ ዘጠቓልሉ ሓደ ዓይነት ኮይኖም፡ ነዞም ዝሰዕቡ ድማ የጠቓልሉ፦

- ቃንዛ ምህላው፡ ሰምዒት ክብድብድ ምባል ከምኡውን ኣብቲ ዝተኸተብኩሙሉ ጭዋዳ ኢድ ምልምላም – እዚ ኣብተን ቀዳሞት ድሕሪ ክታበት ዘለዋ ካብ 1 ክሳብ 2 መዓልታት ኣብ ዘሎ ግዜ ክብርትዕ ይኽእል።
- ሰምዒት ድኻም
- ቃንዛ ርእሲ
- ሓፈሻዊ ቃንዛታት ወይ ቅልል ዝበሉ ናይ ጉንፋዕ መሰል ምልክታት

ፓራሲታሞል ዝተባህለ ፈውሲ ቃንዛ ወሲድኩም ከተዕርፉ ትኽእሉ (ኣብቲ መጠቕለሊ ዘሎ ኣወሳስዳ መጠን ፈውሲ ሓበሬታ ተመልከቱ) እዚ ድማ ኩነታትኩም ንኽመሓየሽ ሓጋዚ እዩ።

ዋላእኳ ኣብተን ዝተኸተብኩምለን ንሓደ ወይ ክልተ መዓልታት ረስኒ ክርእ ዝኽእል እንተኾነ፡ እንተድኣ ዝኾነ ካልእ ምልክት ሕማም ኮቪድ-19 ተራእይኩም ወይ ዘለኩም መጠን ረስኒ ኣካላት ንነውሕ ዝበለ ግዜ ምስ ዝጸንሕ፡ ኣብ ገዛኹም ጽንሑ፡ ከምኡውን ሕክምናዊ መርመራ የድልየኩም ይኸውን። መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ክታበት እቶም ዝረኣዩ ምልክታት ሕማም ካብ ሰሙን ንዘይነውሕ ግዜ ጥራይ ይጸንሑ።

እቶም ዘለዉኹም ምልክታት ሕማም እናበርትዑ ዝኸዱ ዘለዉ ኮይኖም ምስ ዝሰምዐኹም ወይ ዘሰክፍኹም ምስ ዝኾኑ፡ ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ብቑጽሪ 111 ክትድውሉ ትኽእሉ፡ ብጽሑፋዊ መልእኽቲ ተሌፎን እዚ ዝሰዕብ ቁጽሪ ተጠቒምኩም ድማ 18001 111 ክትልእኩ ትኽእሉ። ናይቶም እትጥርጥርዎም ጎድናዊ ሳዕቤናት ናይ ክታበታት ውን  በቲ ብጫ ካርድ እስኪም ተጠቒምኩም ጸብጻብ ክትህቡ ትእኽሉ።

**ብዛዕባ ጎድናዊ ሳዕቤናት ጸብጻብ ምቕራብ**

ዝተጠርጠሩ ጎድናዊ ሳዕቤናት ብናይ ብጫ ካርድ እስኪም በዚ ዝሰዕብ ጸብጻብ ከተቕርቡ ትኽእሉ፦

- ኣብ ቀጥታዊ መስመር **Yellow Card Scheme**
- ኣብ ብጫ ካርድ እስኪም በዚ ዝሰዕብ ቁጽሪ 0800 731 6789 (9ቅ.ቀ ክሳብ 5ድ.ቀ ምድዋል ይከኣል)
- ካብ ነቐጣ መርበብ ሓበሬታ ብጫ ካርድ እስኪም ተጠቒምኩም ምውራድን ምጥቃምን ካብ Apple ወይድማ Android

### ከበድቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት

ተርእዮታት ንድሪ ልቢ ነድሪ ጭዋዳ ልቢ (myocarditis) ወይ ነድሪ ሽፋን ልቢ (pericarditis) ድሕሪ ብኽልቲኦም Pfizer ከምኡውን Moderna ዝተባህሉ ክታበታት ናይ ኮቪድ-19 ምውሳድ ኣብ ኣዝዩ ሳሕቲ ኣጋጢሞም ነይሮም። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተርእዮታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንሰያት ደቂ ተባዕትዮ ገለ መዓልታት ድሕሪ ክታበት ተራእዮም ነይሮም። መብዛሕትኦም ከምዚ ዘጋጠሞም ሰባት ዕረፍቲ ምስ ወሰዱን ቀሊል ሕክምናዊ ክንክን ምስ ተገብረሎምን ኩነታት ጥዕንኦም ቀልጢፉ ተማይሹን ሓውዮምን።

እዞም ዝሰዕቡ ምልክታት ሕማም ድሕሪ ክታበት ምስ ዘጋጥሙኹም ቀልጢፍኩም ሕክምናዊ ምኽሪ ሕተቱ፦

- ቃንዛ ኣፍልቢ
- ሕጽረት እስትንፋስ
- ሰምዒት ሓጺርን ቁልጡፍን ኣተናፋፍሳ፡ ድምጺ ዝሰማዕ ህርመት ወይ ትርግታ ልቢ

ኣብ ዝሓለፈ ክታበት ኣብ ዝወሰድኩሙሉ ግዜ ብርቱዕ ጎድናዊ ሳዕቤን ኣጋጢሙኩም ምስ ዝነብር ተወሳኺ ክታበት ከይትወስዱ ወይድማ ክታበትኩም ከተዳናጉይዎ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ብዝምልከት ምስ ሓኪምኩም ወይ ፍሉይ ክኢላ ሕክምና ክትዘራረቡሉ ትኽእሉ። ብዛዕባ ጎድናዊ ሳዕቤናት ከመይ ገይርኩም ጸብጻብ ከም እተቕርቡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ትሕት ኢሉ ዘሎ ሓበሬታ ተመልከቱ።

### ተወሳኺ ሓበሬታ

እቲ ሮያል ኮሌጅ ናይ ክኢላታት ሕርስን ከምኡውን ሕክምና ማህጸንን (RCOG) ከምኡውን ናይ መሕረስቲ ሮያል ኮሌጅን (RCM) ንሕማም ኮቪድ-19 ሓገዝቲ ክኾኑኹም ዝኽእሉ ካልኦት ሓበሬታታት **ብዛዕባ ክታበታትን ከምኡውን ጥንሲ ኣለዎም**።



ናይ ጥንሲ፡ ዕንጋለ ጸባ ጡብ ኣደ፡ ፍርያምነት ከምኡውን ክታበት ኮቪድ-19 ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ **ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ናይ ዓባይ ብሪጣንያ ተወከሱ**።

ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ክትዘራረባ ምስ እትደልያ ብኽብረትክን ምስ ምሕረሲትክን፡ ሓኪምክን፡ ወይ ኣላይት ሕሙማት ተዛረባ።

© Crown copyright 2022. Product code: C22W7TYA Tigrinya. 1p 100K SEP 2022 (APS). UK Health Security Agency gateway number: 2022446.
ዝያዳ ቅዳሓት ናይዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ንምእዛዝ ኣብዚ ዝሰዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ ብጽሑ፦ www.healthpublications.gov.uk ወይ በዚ ዝሰዕብ ቁጽሪ ደዉሉ 0300 123 1002 ናይ ፍርያት ኮድ ምጥቃም፦ C22W7TYA ኣብ 29.09.2022 ዝተሕደሰ